# ንብስራት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ተወሊዳ!!!

ተሰሪታ ኣብ ስደት ብንቅሓት ዕጥቒ ጺዒዳ
ወጻኢ ካብ ድሌት ኣብ ጎረቤት ኣብ ዘይዓዳ
ኣገናዕ ሰውራዊ ባይቶ ተባዕ ይበል ውድብ ኮርዒዳ፡
ንድሕነት መንእሰይ ካብ መቅዝፍቲ ምድረበዳ
ቀለብ ዓሳ ኣብ ሃይቒ ባሕሪ ጸኒቶም ደቃ ወለዳ
ክብሪ ሃገር ተደፊሩ ብህግዲፍ ሕሱር ነውራም ዕዳ
ሰውራዊ ባይቶ መሪር ሃለዋት ህዝቢ ኩሉ ኣብ ባሕሪ ከብዳ
ወሲና ሓጺር ቃልሲ ካብ ኮለል ዘይብሉ ኩዳ
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓቋፊት ኩሉ ተወሊዳ፡
ህዝብና ለብም እንሃ ተከፊታ ንዓወት እዚኣያ መገዳ
ለብም ኤርትራዊ ሎሚ ንስኒት ትመርሕ እንሃ ኣዋዲዳ
ክትቅበለካ ሰልፍኻ ንንቁሕ ቃልሲ መድሚዳ
ለብም ህዝብና ይኣክል ደጊም ንሳ እያ መገዳ

ሰልፊ ተወሊዳ... **ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ** ተወሊዳ።

## እዛ ሰልፊ........

እዛ ሰልፊ መበቆላ ፈልሲ ዓዋተ ወዲ ቶጎሩባ
ፈልሲ ዓ/ቃ ከቢረ ወዲ ሰምሃር ባጽዕ ዝወደባ
ፈልሲ ራእሲ ተሰማ ድፍን ኣከለጉዛይ ወዲ ማዕረባ
ፈልሲ ራእሲ ወልደሚካኤል ከባቢ ሓማሴን 7 ዓንሰባ
ፈልሲ ኢብራሂም ሱልጣን ከረን ሰንሒት ኣቁርደት ባርካ ጻዕዳ
ፈልሲ ለምለም ሰራየ መንደፈራ ዓዲ ኳላ ዱባ-ሩዋ
ፈልሲ ማይ ለሓም ታሪኻዊ ባይቶ ሰረት ሕጊ እንዳባ
ፈልሲ ክሳዳዊት ሳሕል ኣዶብሓ ዓራግ ውረድ ኩር ደባ
ፈልሲ ባረንቱ ሻምብቆ ክሳብ ባድመ ጋሽ ዓዲ መዓር ጸባ
ፈልሲ ሃብታም ደንከል ዓሰብ ዓዲ ዘይቲ በንዚን ላምባ።
ተሓኤ ሰባ ተኺላ ኣብ ኩሉ ናይ ሰላም ጻዕዳ ዕንባባ
ኩሉ ክብራ ታሪኻ ትሕዝቶኣ ንሰልፊ ንህዝቢ ኣረኪባ
ንድሕነት ኤርትራ ልዕላውነታ መሬታ ወጹዕ ህዝባ
ፍልልያት ወድበይ ውድብካ ሰጊራቶ ንዓንቃፊ ኩርባ
ጢሒሳቶ ንጀብሃ ሻዕብያ ቅርሕንቲ ጸሪጋቶ ግናይ ሰበባ
ንኩሉ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ንዕርቂ ኢላ መርሓባ።
ድሮ ሰሚዔ ድምጺ ኣብ 25 ሽሕ ስደተኛታት ሽመልባ
ኣሎና ምሳኺ ሰልፊ ህዝቢ ብሂወት ዘይኮነ ብዘረባ
ኢሎም ብመሳጢ ድምጾም ዜማኦምን ኢሎማ መርሓባ ያ ሓቢባ ሓቢባ....

# ሰልፊ ..ተወሊዳ

## በሊ .....

ሰውራዊ ባይቶ ክበሪ ርኽቢ ሃገራዊ ጺጋ
ዋላ መሬት ትጻልምት ትዕረብ በርጊጋ
ክንዲ ዕንቍ ትጽብብ ንሃገር ዘይተእቱ ዋጋ
ንድሕነት ህዝቢ ሰልፊ መስሪታ ወሊዓ ሽጋ
ንስኒት ፍትሒ ዕርቂ ንሰላም ተዓጢቃ ሓጊጋ

ንስኒት ፍትሒ ዕርቂ ንሰላም ብጉባኤ ደንጊጋ ሓጊጋ።
ይቅጽል

ጸሃየ ቀለታ ሽወደን 2008-08-23